2023-11-06

# DCSD፡ መዓልቲ ሕቡራት ሃገራትን ንእትህቦ ዝተፈላለየ ትምህርታዊ ዕድላትን ክብሪ ትህብ

DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ነቲ 78 ዓመታት ዝገበረ ትካል ኣመልኪትና በዓል መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት ቀዳም፡ ጥቅምቲ 28 ኣብ Indian Creek Elementary School ንምክያድ፡ ኣብ ሕ.መ.ኣሜሪኣካ - ጨንፈር ኣትላንታ ምስ ዚርከብ ማሕበር ሕቡራት ሃገራት (United Nations Association) ተጸንቢሩ ኣብዒሉ።

መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኣገዳስነት ናይቲ "ክብሪ፡ ማዕርነትን ፍትሓውነትን መጻእተኛታትን ስደተኛታትን" ምጥንኻር ዜጕልሕ በዓል ንምብዓል ዚጽውዕ እዩ። ናይ 2023 መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ ንመሰላትን ድሕነትን ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ስደተኛታትን መጻእተኛታትን ንዚጣበቕ ስራሕ ሕቡራት ሃገራት ዚምልከት እዋናውን ሓያልን መዘከርታ እዩ። ዋና-ኣመሓዳሪ DCSD፡ Dr. Devon Q. Horton፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መደርቲ ናይቲ በዓል ነይሩ፣ እዚ ኣውራጃ ድማ መንጠርያ ቕሩዕ ናይ ባህልታት፡ ፈጠራውነትን ኒሕን ከምዝኾነ ድማ ኣገንዚቡ።

“ካብ Dunwoody ናብ ደማስቆ፣ ካብ Tucker ናብ ታይላንድ፣ ካብ Stone Mountain ናብ ሶርያ፣ ካብ Chamblee ናብ ቺኮዝሎቫኪያ፣ ከምኡውን ካብ ሊቶንያ ናብ ላይበርያ—ማለት ካብ ሰፊሕ ማእከል ኣሜርካ ክሳዕ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ነፍስወከፍ ካልእ ቦታታት—ዘለዉ ቆልዑ፡ ንዓወትን ውጽኢት ትምህርትን ዘረጋግጽ ጥራይ ዘይኮነስ ንዅሉ ሰብ ናብ ሕቕፎኡ መርሓባ ኢሉ ንዚቕበል ንጡፍ፡ ተሓባባርን ኣድማዕን ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ዚገብር ልዑል-ዝብቕዓቱን ኣገዳስን ትምህርቲ ኪረኽቡ መሰል ኣለዎም” ብምባል Dr. Horton ይዛረብ።

“ኣብቲ ዘሎና ዕላማ ከም ህዝቢ ሓያላት ምስእንኸውንን ዝያዳ ድማ ምስእንሓብርን፡ ጽቡቕ ስራሕ ንኽንሰርሕ ከም ሓደ ህዝቢ ሓያላት ክንከውንን ዝያዳ ምትሕብባር ክህልወናን ይኽእል።”

ማሕበር ሕቡራት ሃገራት - ሕ.መ.ኣሜሪካ (*UNA-USA*)፡ ካብ 1945 ጀሚሩ ንሕቡራት ሃገራት ደገፍ ንኺህብ ብተወፈያነት ዚዓዩ ምንቅስቓስ ኣሜሪካውያን እዩ። ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ልዕሊ 20,000 ኣባላትን ልዕሊ 200 ጨናፍርን ዝርከብዎም ኣባላት UNA-USA፡ ዓለማዊ ጽምዶ ንኺጉብሩ ንዘለዎም መብጽዓ ከምኡውን ነፍስወከፍና ንተልእኾ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ምስጓምን ንሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ኣብ ምውቃዕን እጃምና ከነበርክት ከምእንኽእል እምነት ብምሕዳር ሓቢሮም ይዓዩ።

ከምቲ Dr. Horton ብግቡእ ዘመልከቶ፡ DCSD፡ ልዕሊ 140 ቛንቋታት ዚዛረቡን ንልዕሊ 180 ሃገራት ዚውክሉን ተማሃሮ ዚሓዘት እያ። እዛ ኣውራጃ፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ኣማራጺታት ትምህርቲ ትህብ ብምህላዋ ሓበን ይስምዓ።

“ተማሃሮና፡ ዳርጋ ካብ ኩሉ ኩርናዕ ናይ ዓለምና ዝመጹ እዮም። DeKalb County Schools —ንዝተፈላለዩ ካርክሉም ኣብያተ-ትምህርቲ STEM ክሳዕ ኣህጉራዊ ባችለር (International Baccalaureate)፡ Charterን ፕሮግራማት Montessoriን ዚርከቦ ብዝሒ ትምህርታዊ ኣማራጺታት ከምዝውስኽ ትገብር ብምህላዋ፡ ኣዚና ነመስግን። እዚ ድማ ንነዛእ ብልህነት ነፍስወከፍ ቆልዓ ዚኹስኩስ ቅዱስ ጸዕሪ እዩ” ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ Indian Creek Elementary School ዝተኻየደ ባህ ዜብል በዓል መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት ዚምልከት ስእልታትን ድምጽታትን ንምርካብ፡ ነዚ ርኣዩ፥

- ስእልታት፥ https://www.flickr.com/photos/dekalbschools/sets/72177720312268845/
- ቪድዮ፥ https://www.youtube.com/watch?v=8iTjmjiQVUM

XXX